**Hallo Basel-Stadt**

Kanton Basel-Stadt

# ክንክን ኣረግቶት

ብመንገዲ ናይ ኣረግቶት ክንክን:እቲ ናይ ጥሮታ እኹል ገንዘብ ንናብራ እኹል ከምዝኸውን ተገሚቱ ይትሕዝ። ናይ ስዊስ ናይ ክንክን ሜላ ኣትሓሕዛ ሰባት ሰልስተ ዓምድታት ውህለላ ገንዘብ ኣለውዎ።ንሳቶም ከኣ: ናይ ኣረግቶትን ሓድጎምን/ብድሕሪት ዝገድፍዎምን ክንክን (AHV): ናይ ሞያዊ ክንክን ውህለላ/ማዕከን ውህለላ ጥሮታ (Pensionskasse) ን ብነጻ ድልየት ንክንክን ኣብ ግዜ እርጋን ዝግብበር ውህለላ (3. ዓምዲ ) ኢዮም።

## ናይ እርጋንን ብህይወት ዝተረፉን መድሕን (1ይ ዓንዲ፣ 1. Säule)

መድሕን እርጋንን ብህይወት ዝተረፉን (AHV) መንግስታዊ ትካል እዩ። መብዛሕትኦም ዓበይቲ ሰባት ነዚ ኣበርክቶ ክኸፍሉ ኣለዎም። ንሰራሕተኛታት፡ እቲ ኣበርክቶ ብቐጥታ ካብ ወርሓዊ ደሞዞም ይቑረጽ፡ ኣስራሒ ድማ ፍርቂ ይኸፍል። ባዕሎም ዝሰርሑ ሰባት ወይ ስራሕ ዘይብሎም ሰባት ከመይ ጌሮም ኣበርክቶኦም ክኸፍሉ ከምዘለዎም ናብ ቤት ጽሕፈት ካሕሳ (Ausgleichskasse) ክምርምሩ ይግባእ። AHV ነቶም ጡረተኛታት ወርሓዊ ጡረታ ይኸፍሎም። መጠን ናይቲ ጡረታ ኣብቲ ዝተኸፍለ ኣበርክቶ ይምርኮስ። ይኹን እምበር፡ ኤ.ኤች.ቪ ንመጻምድትን ደቅን እቲ መዋቲ ኣብ ዝሞተሉ እዋን (ናይ መበለትን ዘኽታማትን ጡረታ) እውን ይድግፍ። ኩሉ ሰብ ናይ AHV ካርድ ምስ ናይ ውልቁ ናይ መድሕን ቁጽሪ ይረክብ ዝብል

## ሞያዊ ክንክን (2ይ ዓንዲ፣ 2. Säule)

ድሕሪ ጥሮታ ምውጻእ ሂወት ብዝግባእ ንምምራሕ: AHV ንበይኑ ኣኻሊ ኣይኮነን: በዚ መሰረት ንሰራሕተኛታት ምስ ተጣየሱ ዝኸውን መከናኸኒ (ናይ ጥሮታ ማዕከን: Pensionskasse): ካብ ዝተወሰነ ናይ ደሞዝ ዓመታት ብግዴታ ዝቑረጽ ገንዘብ ኣሎ። ነዚ ዝምልከት ክፍሊት ኣብ ነብሲ ወከፍ ወርሒ ካብ ደሞዝ ይቑረጽ። ኣብዚ እቲ ወሃብ ስራሕ ብውሕዱ ፍርቒ ይሸፍኖ።ርእሶም ክኢሎም ዝነብሩ ነዚ ዝምልከት ክፍሊት ኣይከፍሉን ኢዮም። ብነጻ ድላዮም ግን ነዚ ክገብርዎ ይኽእሉ። ነዚ ከኣ ባዕላቶም ሓላፍነት ይወስዱ። እዚ ኣብ ናይ ጥሮታ ማዕከን ገንዘብ ዝውህለል: ምስ ኣረግካ ከም ጥሮታ ወይ ብሓደ ግዜ ይወሃብ። ኣብ ፍሉጥ ጉዳያት እዚ ገንዘብ ኣቐዲሙ ይኽፈል። ንኣብነት ትካል ክትገብር ምስትደሊ: ካብ ስዊስ ክትወጽእ ምስትደሊ: ገዛ ወይ መንበሪ ክትገዝእ ምስትደሊ ጠቕሊልካ ክወጽእ ይኽእል።

## ወለንታዊ ስንቂ እርጋን (3ይ ዓንዲ፣ 3. Säule)

ውህለላ 3ይ ዓምዲ (3. Säule) ካብቲ ብነጻ ድልየት ዝውህለል ናይ ውልቒ ምስ ኣረግካ ክኸውን ዝውህለል ገንዘብ ኮይኑ ቀረጽ ንምቅላል ከኣ ይሕግዝ። እዚ ኣብ ባንክ ወይ ኣብ ናይ ድሕነት/ውሕስነት ትካላት ክጠራቐምይከኣል። ምስ ኣረግካ እኹል መሕለውታ ገንዘብ ንክህልወካ በዚ 3ይ ዓምዲ ውህለላ ከኣ ገንዘብ ከተጠራቕም ተመራጺ ይኸውን።

## መወሰኽታ ክፍሊት

ዋላ እኳ ኤ.ኤች.ቪን ፋንድ ጡረታን እንተሃለወ፡ እኹል ገንዘብ ዘይብሎም ኣረጋውያን፡ ተወሳኺ ፋይናንሳዊ ጥቕምታት (Ergänzungsleistungen) እውን ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። እዚኦም ኣብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣበርክቶታት ክሕተቱ ኣለዎም። መን ተወሳኺ ጥቕሚ ክረክብ ከም ዘለዎ ብንጹር ተቐጻጺሩ ኣሎ። እቲ ተወሳኺ ጥቕምታት ብከፈልቲ ግብሪ ዝምወል እዩ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselstadt.ch/ti/social-security/old-age-insurance